# ኣንታ! ወዮም ሰባት ናብ ሰቦም እንተ እቶም ኣዛብእ እንከ ናብ ገረቦም እምበር ተዓዚሮም።

ከም ዝዝከር ኣብ’ዚ ዝሓለፈ ኣዋርሕ ኣቶ መስፍን ሓጎስ መስራትን ኣባል መሪሕነትን ሰልፊ ደሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ (E.P.D.P) ዝነበረ፡ ካብ’ቲ ባዕሉ ዝመስረቶ ሰልፊ ከም ዝተሰጎገ ኣብ ቲቪ ሰነድ ዝተባህለ መራኸቢ ብዙሃን ብቪድዮ: ብድምጺ ክኣ ኣብ ራድዮ ድምጺ ኣሜሪካ ቀሪቡ ኣስፊሑ ክገልጾ’ዩ ዝተሰምዐ። ብቐደሙ’ውን ኣብ ታሪኽ ምምስራት እዚ ሰልፊ’ዚ ምስ እንምለስ፡ ኣቶ መስፍን ሓጎስ መሪሕዎ ዝመጸ “ሰልፊ ደሞክራሲ ኤርትራ (E.D.P)” ምስ’ቲ ብኣቶ ወልደሱስ ዓማር ዝምራሕ ዝነበረ ሰውራዊ ባይቶ ድሓር ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ (E.P.P) ተባሂሉ ዝፍለጥን ከምኡ’ውን ምስ ብኣምባሳደር ኣድሓኖም ገ/ማርያም ዝምራሕ ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ (E.P.M) ድሕሪ ምትሕንፋጹ ኣይ ሰሙን ኣይ ሳልስቲ ናብ ሃገራዊ ባይቶ ንእቶ ዶ ኣይንእቶ ኣብ ዝብል ክርክር ድሕሪ ምእታው፡ ኣብ`ቲ ጉዳይ ምርድዳእ ተሳኢኑ፡ ንሱ ኣቶ መስፍን ሓጎስን ወዲ ሓወብኡ ዝብጽሖ ረዘነ ተስፋጽዮን ዝተባህለ ዝርከብዎም ውሑዳት ኣባላት መሪሕነት E.D.P ምስቶም ሰውራዊ ባይቶ ወጊኖም ንብምሉኡ ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ E.P.M ድሕሪ ምስቃጎም፡ እቶም ዝበዝሑ ኣባላት መሪሒነት E.D.Pን መሰረታቶምን ክኣ፡ ምርገጾም ምስ መርገጽ ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ ስለ ዝተሳነየ ምስኦም ኮይኖም ኢዮም ቃልሶም ምቕጻል ዝመረጹ። ሕጂ ድማ እንሆ ድሕሪ 7 ዓመት ታሪኽ ተገልቢጡ፡ ኣቶ መስፍን ሓጎስ እቲ ንሱን ደቂ መዛምርቱን ኮይኖም ኣብ ልዕሊ E.P.M ዝገበርዎ ፖሎቲካዊ ቅንጸላ ኣብ ዝባኑ ስለ ዝወረደ ኢዩ ከቑረምርም ዝስማዕ ዘሎ’ሞ ተስፋ ንገብር ተማሂሩሉ ክኸውን። እዚ ከም’ዚ ኢሉ እንከሎ ኣብ ውሽጢ’ቲ ብኣቶ መንግስትኣብ ኣስመሮም ዝምራሕ ሰልፊ ደሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ (E.P.D.P) ክኸይድ ዝጸንሐ ውሽጣዊ ሓርጎጽጎጽን ግርጭትን ልዕሊ ኹሉ ክኣ ኣብ ልዕሊ ሓለቓኦም ኣቶ መስፍን ሓጎስ ዝተገብረ ቅንጸላ ዘነደሮም ዓሳኽሩን ደቂ ዓዱን ንኣቶ መስፍን ሓጎስ በብእዋኑ ዘርጠብጠብ እናበሉ ነቲ ሰልፊ ክገድፍዎ ኣብ ልዕሊ ምጽንሖም፡ ሕጂ ድማ እቶም ዝተረፉ ተለኣኣኽቱ ብድሕሪ መስፍን ሓጎስ ድኣ ኣኸለ ብምባል፡ ኣሰሩ ተኸቲሎም ጥራይ ዘይኮነ፡ ኪንኡ ብምኻድ ከምቲ ኩሉ ሰብ ንኣቶ መስፍን ሓጎስ ኮነ ዓሳኽሩ ብዓይኒ ጠርጠራ ክርእዮምን ክሓምዮምን ዝጸንሐ፡ ማለት ብዓንተብኡ’ውን ግዲ እዞም ሰባት ኣብ ውሽጢ’ዚ ደምበ ተቓውሞ ተጸፊዮም ነዚ ፍትሓዊ ቃልሲ ሕንፍሽፍሽ ኣብ ምእታውን ኣብ ምርማስን ልሉይ ተራ ዝነበሮም ሰለይቲ እቲ ገባቲ ስርዓት ድኣ’መበር ብሓቂ ደለይቲ ፍትሒ ዘይምኻኖም ክብሃል ዝጽንሐ፡ እንሀለዉ ብግብሪ የርእዩና። እዚ ማለት “እቶም ሰባት ናብ ሰቦም እንተ እቶም ኣዛብእ እንከ ናብ ገረቦም::” ኮይኑ ነገሩ።

ሓቂ’ዩ ኣብ ቃልሲ ዝጸንሐ ሰብ ብዝተፈላለየ ምኽኒያት ወይ ድኻም ወይ ዘይ ምስምማዕ ምስ ዘጋጥሞ ነቲ ክኸዶ ዝጸንሐ ጉዕዞ ደው ኣቢሉ ክሳብ ዝሓሸ ናይ ቃልሲ መድረኽ ዝኽፈተሉ ረጊኡ ድኣ ይጸንሕ’ምበር ከም’ዚ ንዕዘቦ ዘለና ንኸምስሉ እቲ ዝኸፈል እናኸፈሉ ናይ ጣዕሳ ፎርም መመሊኦም ወዶ ገባ ብምዃን ንዓዲ ክመላለሱን ትፍኦም ክልሕሱን ምርኣይ ግን ኪኒዮው “ንለባምን ኣምተሉ ንዓሻን እንከ ደርጉሓሉ” ካልእ ዝብሃል ኣይህሉን::



ኣቶ መስፍን ሓጎስ



ኣቶ ኣማኑኤል ሓጎስ ዳንግሽ

ስለ`ዚ ዛጊት ካብዞም ዓሳክር አቶ መስፍን ሓጎስ ወዶ ገባ ኮይኖም ናብ ህ.ግ.ደ.ፍ ``ወላዲት ሃገሮም``ኢዶም ዝሃቡ ደለይቲ ፍትሒ መሰል ሰለይቲ እዞም ዝስዕቡ ኢዮም:-

1ይ፡-እምባ ደርሆ ካርነሽም ዝዓዱ ወዶ ገባ ኣማኑኤል ሓጎስ ዳንግሽ: ኣባል መሪሕነት ማእከላይ ባይቶ “ሰልፊ ደሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ (E.P.D.P) ዝነበረ ካብ ሃገረ ጀርመን፡ ኣቐዲሙ ንኸምስል ናይ ጣዕሳ ፎርም መሊኡ ሕጂ ብቐጻሊ ኣስመራ ዝመላለስ ዘሎ ኢዩ።

2ይ፦ ደፈረ ካርነሽም ዝዓዱ ቀደም ሽፍታ ዝነበረን ድሒሩ ኢንታ ሽፍትነቱ ንክኽውል ናብ ህ.ግ.ሓ.ኤ ዝተሰለፈን ግን ክኣ ቀልጢፉ ነቲ ቃልሲ ኪሒዱ ንዓዲ ዓረቡ ዝትዓዝረ፡ በረኸት ኣልመዶም ዝተባህለ ነባርነቱ ኣብ ሎንዶን ዓዲ እንግሊዝ ዝኾነ ልማደኛ ወዶ ገባ፡ ኣቶ መስፍን ሓጎስ ሎንዶን ኣብ ዝመጽኣሉ'ውን እንተኾነ ቀንዲ ተቐባሊኡን ኣዕቋቢኡን ዓንጋሊኡን ኮይኑ ዝጸንሐን ዘሎን፡ ኣብ ውሽጢ'ዚ ዝሓለፈ ክልተ ዓመት  ኣብ ቤት ጽሕፈት ህ.ግ.ደ.ፍ ሎንዶን ከይዱ ኢዱ ድሕሪ ምሃቡ: ኣስመራ ብምኻድ ሚሊዮናት ሂቡ ገዛ ዝገዝአን ወግሐ ጸብሐ ዘመላለስ ዘሎን ኢዩ።

3ይ፦ ኣፍደዩ ካርነሽም ዝዓዱ ወዶ ገባ ዳዊት ተወልደብርሃን፡ እዚ ሰብ እዚ ኣብ ደምበ ተቓውሞ ኣብ ዝተጸምበረሉ ጊዜ ንኽእመን ኢሉ ኣብ ዝተረኸበ ኣጋጣሚ  ኣኼባ ናይ ተቓውሞ ዝደጋግሞ ዘረባ እንተነይሩ፡ ንህ.ግ.ደ.ፍ ክገድፎም ከሎ ህ.ግ.ደ.ፍ ንኤርትራን ህዝባን ዘዕኑ ዘሎ ስርዓት ኢዩ ኢሉ ተቓዊምዎምን ኣዋሪድዎምን ከም ዝገደፎም ኢዩ ዝገልጽ: ይኹን'ምበር እቶም ኣባላት ህ.ግ.ደ.ፍ ክገልጽዎ ከለዉ ግን እቲ ሓቂ ከምኡ ዘይኮነ፡ ግርማይ ሳንቲም ኣምባሳደር ኣብ ዝነበረሉ ጊዜ ብሰንኪ'ቲ ተናኻሲ ባህሪያቱ ካብ ማእከል ኣኼባ ከም ዝሰጎጎ ኢዮም ዝገልጹ፡ ብዝኾነ እዚ ሰብ'ዚ ይኹን ብመስፍን ሓጎስ ክምራሕ ዝጸንሐ ውድቦም፡ ተርኦም ኣብ'ዚ ደምበ ተቓውሞ ኩሉ ከም ዝፈልጦ እንትርፎ ዓንቃፍን ዘራግን ግደ'ምበር ዘበርከቶ ሃናጺ ተራ ፍጹም ኣይጸንሐን። ኣብ መወዳእታኡ ክኣ ወዮ ዝተዋህቦም ኣዕናዊ ዕዮ ገዛ ስለ ዝተዓወትሉ ግዲ ኮይኖም፡ እንህለዉ በብተራ ወዶ ገባ ብምዃን ኢዶም ክህቡ ይርኣዩ። ደዊት ተወልደብርሃን ክኣ ሓደ ካብኦም ኮይኑ፡ ኣብ'ዚ ቀረባ ጊዜ ኣብ ቤት ጽሕፈት ህ.ግ.ደ.ፍ ሎንዶን ከይዱ ንይምሰል ናይ ጣዕሳ ፎርም ክመልእ ተራእዩ ጥራይ ዘይኮነ ኣብ'ቲ ህ.ግ.ደ.ፍ ዘዳለዎ ፈስቲቫል ጥፍኣት'ውን ቀንዲ ተሳታፍን ኣሳሳዪን ምምባሩ ናይ ዓይኒ መሰኻኽር ኣረጋጊጸሞ ኣለዉ። ብሕቡእ ዓዲ በጺሑ ከም ዝተመልሰ'ውን ይንገር ኣሎ። እቲ ዝገርም ብድሕሪ'ዚ ረሳሕ ተግባሩ፡ ገለ ደለይቲ ፍትሒ ረኺቦም እንታይ ድኣ ወሪዱካ ትፋእካ ትልሕስ ኢሎም ኣብ ዝሓተትሉ “ኣነ ናይ ጣዕሳ ፎርም ምምልኣይ እቲ ሓቂ ጠፊኡኒ ዘይኮነ፡ መጀመርታ እዚ ደምበ ተቓውሞ ተስፋ ስኢነሉ፡ ድሓር ክኣ ሚኢቲ ሽሕ ፓውንድ ሂበ ኣብ ኣስመራ ዝገዛእክዎ ገዛ ብሽመይ ስለ ዝነበረ ክኸስሮ ኣይደለኹን” ክብል'ዩ ዝመለሰሎም።

እምበኣርከስ ንምዝዛሙ ዝኣክል፡ ከም'ዚ ክብ ኢሉ ዝተጠቕሰ እዋኑ እዋን ፍለ ፍለ ስለ ዝበጽሓ፡ እቶም ኣብ መንጎ ስርናይ ክርዳድ ኮይኖም ዝጸንሑ ድሮ ተተጎሊሎም ይፍለዩ ስለ ንርእዮም ዘለና፡  መንቅብ ጉዕዞ መትረብ ሓርነት ክኣ እናጸረየ ኢዩ'ሞ: ነቶም ዝተረፉ ምስኦም ዝጸንሑ ሕቡኣን መኃዕዝቶም'ውን ኣተኩርና ምዕዛቦምን ምክትታሎምን ከድሊየና ምዃኑ በዚ ኣጋጣሚ ክሕብር እፈትው::

ፍትሓውን ህዝባውን ቃልስና ክዕወት ኢዩ!

ካብ ደላዪ ፍትሒ።